# ወያነ ታሪኽ ክፈልጡን ክንብቡን ኣይተዓደሉን

ኣብ 630 ዓ/ም ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ምስልምና ኣብ ዓለም ክስፋሕፍሕ ኣንከሎ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብጐነጽን ብቓልስን እዩ ኣስፋሕፊሑ ኣብ ኤርትራ ግን ንምስልምና ሃይማኖት ብሰላምን ሓጐስን እዩ ተቐቢልዎ በዚ መሰረት ድማ ክርስትናን ምስልምናን ደቂ ሓደ ሰብኣይን ሰብይትን ኾይኖም ከም ሓደ ስድራቤት ይነብሩ ኣለው መርኣያ ናይ እዚ ድማ ኣብ ኤርትራ ቤተክርስቲያንን መሳጊድን ኣብ ጥቓ ጥቓ ተደኺኖም በብእምነቶም ንኣምላኾም ጸለት የብጽሑ።

ኣጼ ዮውሃንስ ኣብ 1870 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ንተኸተልቲ ምስልምና ብሴፍን ጉራዴን ክሃድኖም እንከሎ ወያነ እዚ ታሪኽ እዚ ዝረስዕዎ ይመስል።

መብዛሕትኦም ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ተኸተልቲ ምስልምና እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ ሂወቶም ንምድሓን ንኤርትራ ሃዲሞም ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ተዓቚቦም ርስትን ጉልትን ወሲዶም ብሰላም ናብርኦም ይመርሑ ኣለው።

እንግሊዝ ኣብ ኣርብዓታት ኣብ መንጎ ክርስትናን ምስልምናን ዝሸርጠጦ ክርቢት ምሊሕ ክይበለ ቅሂሙ። ንሱ ድማ ብዓል ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ኣቦና ኢብራሂም ስልጣን ኣቦና ዓብደልቃድር ከቢረ ምስ ብዙሓት ዓበይቲ ተኸተልቲ ምስልምናን ክርስትናን ኣብ ቤት ገርግሽ ብሓንሳብ ደርሆ ሓሪዶም ስለ ሓንቲ ኤርትራ እምበር ኣስላማይ ክርስትያን ተባሂሎም ከይፈላለዩ ጥራሕ ዘይኮነ ንውዲት እንግሊዝ ንኤርትራ ኣብ ክልተ ማለት ምዕራባዊ ክፋል ኤርትራ ምስ ሱዳን ሰሜናዊ ክፋል ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክመቕለና ዝሓሰበ እኩይ ሓሳብ ኣበርዒኖም ሓንቲ ጥርንፍቲ ኤርትራ ዘረከቡና። ኣስላምን ክርስቲያንን ኣብ ሓንቲ ጉድጓድ ተቐቢርና ዘምጸእናያ ሃገር ብተወሳኺ ጳጳሳትናን ሸኽናን ብሓንሳብ ባሪኾም ቼሪሶም ዝበላዕናዮ መኸፈልቲ ሕጂ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን እዚ ሕማም ደግሲ ብልጭ እንተበለ ንዓና ንኤርትራውያን ካብ ሃንደስቱን ጠጃእቱን ጆሚርካ ብዙሕ እንተ ገዓሩ ከም ጸላእትና ንፈልጦምን ነለልዮምን ደኣ እምበር ስጋ ካብ ደም ደም ድማ ካብ ስጋ ክፈልይዎ ሕልሚ ጥራሕ እዩ።

ሃይለስላሰውን እንተኸነ'ውን ኣስላምን ክርስቲያን ኸፈልየና ማዕተብ ዘይኣሰረ ብጥይት ክቕንጸልን ብሓዊ ክቃጸልን ዘካይዶ ዝነበረ እከይ ተግባር ነዛ ሓቀኛ ታሪኽ ዝሓዘለት እምነት ዘርእስታ ፊልም ንከታተል።

ደርግ'ውን እንተኾነ ንስውራ ኤርትራ ዘይ መልክዑ ብምሃብ ሰውራ ኤርትራ ናይ ኣዕራብ ኣገልገልትን ዑስባትን እዮም ብምባል ኣብ መታሕትን ከበሳን ብታንክ ነፈርታን ካራን ጥይትን ንህዝብና ዘጽነቶ ናይ ትማሊ ዘይሓወየ ቊስልናዩ።

ወያነ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ዓ/ም ብዙናት ምስ ተሳዕረ ማዕቀብ ፍልሰት መንእሰያ ዞባዊ ምጉጅኻል ምንጻል ኮታ ኣብ ልዕሌና ዘይፈተንዎ ውዲት ኣይነበረን ሓሶትን ስንቅን እንዳ ሓደረ ይፈዥስ ከም ዝበሃል ኩሉ ድማ ብሓይል መኸተ በርዕኑ። እንተኾነ ግን እቲ እኩይን ተንኮለኛ ግብሮም ከይተርፍ እቲ ኩሉ ዝኸድዎ መንገዲ ስለ ዘይተዓወቱ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ ዝዓይነቱ እዚ ናይ መወዳእታ ፈተንኦም ኣብ መንጎ ምስልምናን ክርስትናን ምጥቃስ እዚ ሕጂ ኣብ ኣውስትራልያ ኤውሮጳዊ ቱርኪ ካናዳ ብተጋሩን ሓሱሳት ዝናፋሕ ዘሎ ዝጠፈሸ ኣጀንዳ ከም ቀደሙ ብሓያል መኸተ ነበራያ ነበረ ክኸውን እዩ።

*መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ ታሪኽ ናይ ኣቦታትካን ኣቦሓጎታትካን ወሪስካ ነዚ ወያነ ካብ ኣቦሓጎታቶም ዝወረስዎን ንህዝቢ ኤርትራ ምፍልላይን ምጕጅጃልን ከነበርዕዮ ታሪኽ ይሓተና ኣሎ። ብፍላይ ተጋሩን ውሑዳት ዝጠፈሹ ዕሱባት ወያነ ኣብ ኣውስትራልያን ካናዳን ኤውሮጳን ብፈስቡኽ ዘሳውርዎ ዘለው ከነስተውዕለሉ ይግባእ ከምቲ ረሳሕ ማይ ገዲፍና ጽሩይ ማይ ንሰቲ ነዚ ኣብ ፈስቡክን ዩቱብ ነውራምን ሰራምን ስነሓሳብ ንሕና ኤርትራውያን ነዊሕ እዋን ተመኲርናሉን ዋጋ ከፊልናሉን ኢና። ስለዚ እዚ ናይ ወያነን ሃሱሳትን ተግባር ኢድናን ኣፍናን እግርናን ኣኪብና ከነበርዕዮን ጥራሕ ዝይኮነ ኣእዳውናውን ካብ'ዚ ብገበን ንዘለኣለም ዘሕትት ሕጹብ ክኸውን ይግባእ።*

*ብተውሳኺ ነዞም ኣብ ኣውስትራልያ ከናዳ ቱርኪ ኤውሮጳ ነዚ እከይ ተግባር ዘሳውሩ ዘለው ኣባላት ወያነ ኩሉ ኣብ ይቱብን ፈስፉክን ዝዘርግሕዎ ኩሉ ብደኮሜንት ተታሒዙ ነናብ ዝነብርሉ ሃገር ፖሊስ ክቐርብ ናይ ግድን ይኸውን። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም ሕጊ ኣሎ ኣብ ህዝብታት ናዕቢ ንምፍጣር ብጽሑፍ ይኹን ብመድያ ዝዘርግሐ ውልቀሰብ ብሕጊ ክሕተትን ኣብ ፍርዲ ቀሪቡ ግቡእ ስጉምቲ ክውሰዶ ናይ ግድን'ዩ። መንእሰይ ኤርትራ ነዞም ልኡኻት ወያነ ኣብ ነፍስወከፍ ሃገር ፈርማን ደኩመንትን ኣኪብና ኣብ ሕጊ ከነቕርቦም ይጽንሓለይ ዝበሃሎ ኣይኮነን።*

*ካብ ስርናይ ክርዳድ ክህሉ ድማ ባህርያዊ እዩ እዞም ብገንዘብ ተዓሲብኩም ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይ ትግዕሩ ዘሎኹም ጽባሕ ክወግሕ'ዩ ታሪኽ ክሓተኩም'ዩ።*

*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*

*ዓውት ንሓፋሽ*

*ተስፉይ ጀርመን*